# ተሓድሶ!

. . . . . . ነቲ ብምንባር ኢደይ ኣባኻ ዘሎ ውህበት ኣምላኽ ክትሕድሶ ኤዘክረካ ኣሎኹ። (2ጢሞ. 1፡6)

እታ ክትሕድሶ እትብል ቃል ካብቲ ምሕዳስ ዝብል ሱር ቃል ዝወጸት ኮይና ኣብዛ ዝበልናያ ጥቕሲ ብቋንቋ ጽርኢ **anazópureó** እያ እትብል። እዛ ቃል ብሰለስተ ቃላት ዝቖመት ግሲ ኮይና ትርጉማ ድማ ከምቲ ኣብቲ ጥቕሲ ዝሕብሮ ብቕድሚኣ ዘሎ መስተዋድድ ንላዕሊ ማለት እያ እተስምዕ። እታ ካልኣይቲ ቃል ድማ " **zoon** " ክትከውን ከላ ህይወት ንዘለዎ ህያው ፍጡር ከም ዘይሞተ ንምርኣይ መጠቀሚት ድማ እያ። እታ ሳልሰይቲ ድማ " **pur** " ማለት ድማ ከምዘላታ ሓዊ ማለት እያ። ድምር እዚ ሰለስተ ቃላት " **anazópureó** " ዝብል ኮይኑ ማለት ድማ *ኣብ እቲ ሓዊ ውሽጥኻ ዘሎ እንደገና ህይወት ይርከብ* ድማ የስምዕ።

ጢሞቴዎስ ሓድሽ ውህበት ጸጋ ክውሃቦ ዘይኮነስ ነቲ ድሮ ብምንባር ኣኣዳው ሽማግለታት ማሕበርን ብባዕሉ ብሃዋርያ ጳውሎስን ተዋሂብዎ ዘሎ *ከሳውሮ* ይንገሮ ኣሎ። ሓደ ድሮ ይዓዪ ዝነበረ ግናኸ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ውሽጡ ተደጒሉ ዘሎ ሓዊ ሕጂ ከም ብሓድሽ ክሳወር እሞ ከምቲ ቀዳማዩ ክነድድ ይድለ ኣሎ። እዚ ኣባህላ ንዓና ኤርትራውያን ንክርድኦ ቀሊል እዩ። ከመይሲ ኣዴታትና ክጥቀማሉ ዘምሰያ ሓዊ ንጽባሕ ቀጺለን ክጥቀማሉ መደብ ዝለዘለወን እሞ ድማ ካብ ጎረቤት ከይደን ካብ ምልቃሕ ብምባል ብሐሙኹሽቲ ገይረን ይድጉልኦ። እቲ ውህበት ምስ ሓዊ ኣተሓሒዙሉ ዘሎ ምኽንያት ተምሳልነቱ ንምርዳይ ኮይኑ ክቕህም ክጠፍእ ክድፈንን ከምዝኽእል ግናኸ እንደገና ክጉህር ተኽእሎ ከም ዘለዎ የርእየና ኣሎ።

ብዙሓት መማህራን መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝብልዎ ሓው ጢሞቴዎስ በቲ ብውልቀመላኺ ሃጸይ ኔሮ ዝግበር ዝነበረ ዘሰክሕ ስደትን መቕተልትን ክርስትያናት ፍርሃት ኣትይዎ ስለዝነበረ ተዳሂሉ ውህበቱ ከምዝግባእ ኣይተጠቕመን፡ ካልእውን ጳውሎስ ኣብ (1ጢሞ.5፡23) " ደጊም ስለ ኸብድኻን ስለቲ ዚመላለሰካ ዘሎ ሕማምንሲ፡ ሒደት ወይኒ ደኣ እምበር፡ ማይ ጥራይ ኣይትስተ። " ዝበሎ ይብሉ። እቲ ምኽንያት እቲ ይኹን እቲ ጢሞቴዎስ ነቲ ኣብኡ ተቐሚጡ ዘሎ ውህበት ጸጋ ምጥቃም ደው ከምዘበለ እሞ ምልዕዓል የድልዮ ከም ዘሎ ካብታ ጥቕሲ ንርኢ ኣሎና። እዩ። በቲ ኩሉ ፈላጥነቱ ነቲ ድሮ ዝሃበና ከውስዶ ኢሉ ስለዘይሃበና ኣብ ማእከል ኣይጥዓስን እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽን ጽውዓኡን ዘይጠዓሰሉ ስለዝኮነ (ሮሜ 11፡28) እቲ ህያብ ብኸመይን ንምንታይን ንጥቀመሉ እቲ ምርጫ ንዓና ሂቡና ኣሎ።

ኣምላኽ ኣገልግሉኒ ኢሉ ምስ ጸውዓና ማዕሪ ማዕሪኡ ነቲ ዕዮ ዘድሊ ዕጥቂ ኣዕጢቑ እዩ ዘወፍረና። ናተይ እንብሎ ከይህልወና " ኩሉ ካብኡ ብኡኡን ንኡኡን እዩ " ። እቲ ተዋሂቡና ዘሎ መዚ ቀሊል ሰለዘይኮነ ንሱ ምሳና ኮይኑ ክዓዪ ካብኡ ዝሓለፈ ድማ ነቲ ዕዮ የድሊ እዩ እተባህለ ናውቲ ኣብ ውሽጥና ኣቐሚጡ ኣሎ። እቲ ጽቡቕነቱ ድማ ማንም ከወስዶ ዘይክእል ባዕሉ ዋና ዝኾነ ናውቲ እዩ። ዘይኣርግ ዘይምርት ዘይላሹ ግናኸ ወርትግ ምሕዳስ ዘድልዮ ውህበት ጸጋ! እቲ ዕዮ ኣይብኽእለት ኣይብሓይሊ እንታይ ድኣ ብመንፈሱ ጥራይ! (ዘካ.4፡6)

ንስኻ/ንስኺ እቲ ውህበት ጸጋኻ እንታይ ትገብረሉ ኣሎኻ? ኣይንትዓሾ እቲ ውህበት ጸጋ ኣብ መድረኽ ኮይንካ ጥራይ እትገልግለሉ ዘይኮነስ ኣብ ዝኾነ ጽፍሒ ኣገልግሎት ኮይንካ እትገልግለሉ ውህበት እዩ። ኣነውን በዛ ንእሽቶ ጽሕፍቲ ከም ሃዋርያ ጳውሎስ " ክትሕድሶ ኤዘክረካ ኣሎኹ።" ተደጒሉ እንተኾይኑ ሃየ ሎሚ ኣሳውሮ። ቅድም ብምጽላይ (ብመንፈስ) ድሓር ብምትግባር ብግብሪ!